


# Orientation to Ontario

## ቅጥፈታት ኣወግድ




1-855-626-0002
https://orientationontario.ca





### ናይ ሓሶት ዌብሳይታትን ናይ ኢንተርነት ቅጥፈትን

ገበነኛታት፡ ነቲ ናይ ሓቂ ዌብሳይት ክቐድሕዎ ክገብሩዎ ወይ ነቲ ፕሮፌሽናል ዌብሳይት ዝመስል ካልእ ክስንዑ ይኽእሉ እዮም። ዌብሳይታት ከኣ ናይ መንግስቲ ካናዳ ወግዓውያን መርበባት ሓበሬታ ኢና ክብላ ወይ ካብ መሻርኽቲ መንግስቲ ካናዳ ኢና ክብላ ይኽእላ እየን። ካልኦት ዌብሳይታት ድማ ንናይ ስደት ሕቶታትካ ብፍሉይ ክንምልሰልካ ወይ ልዑል ክፍሊት እትረኽበሉ ስራሕ ክነውሕሰልካ ንኽእል ኢና ክብላ ይኽእላ። ነዚ ከኣ መታን መንነት ናይቶም ሰባት ንኽሰርቃን ነቶም ጠቕ ኣታሊሰን ገንዘብ ንክኽፍልኦምን ኢለን እየን ዝገብርኦ።

- እንተድኣ ዝኾነት ዌብሳይት ክስደዱ ንዝደልዩ ሰባት ፍሉይ ሓገዝ ከምእትገብር ትነግር ኮይና፡ ነታ ዌብሳይት ግደፋ። እቲ ንሳ ትብሎ ኩሉ ሓሶት እዩ።
- ኣብ ዌብሳይት ምስ ኣተኻ፡ ነቲ URL ዝበሃል ኣድራሻ ኣብቲ ኣብ ናይ ሜእራሪ ብራውዘር ዝርከብ ናይ ኣድራሻ መቓወር ፈትሾ።
- ኣብቲ ናይ ብራውዘር ዊንዶው ለኬቶ እንተዘይሃልዩ ወይ ድማ ኣብ መጀመርታ ናይቲ መርበብ ኣድራሻ ውሑስ ምዃኑ ዘርኢ "https://" ዝብል እንተዘይሃልዩዎ፡ ንዉልቅኻ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብኡ ፈጺምካ ኣይተእቱ።

### ናይ ኢመይልን ጽሑፍን ቅጥፈታት

ናይ ሕጋዊያን ውድባት ማለት ከም ናይ ትካላት ፋይናንስ፡ ትካላት ንግዲ ወይ ትካላት መንግስቲ ዝመስል ኢመይል ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ከም ዕለት-ልደትካ፡ ፓስዎርድኻ ወይ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ክረዲት ካርድኻ ዝበሉ ናይ ዉልቅኻ ሓበሬታንኽትህቦ ድማ ክሓተካ ይኽእል። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ እቲ ኢመይል ናብ ናይ ሓሶት ዌብሳይት ንኽትኣቱ ክሕብረካ እዩ።

- ዝና ዘለወን ወይ ፍሉጣት ውድባት፡ ናይ ዉልቅኻ ሓበሬታ ብመገዲ ኢመይል ወይ ጽሑፍ/ቴክስት ክትሰደሉ ፈጺመን ኣይሓታኻን እየን።
- እንተድኣ ከምዚ ዓይነት ኢመይል ረኺብካ፡ ኣብ ዝኾነ ሊንክ ኣይትጠዉቕ/ክሊክ ኣይትግበር ወይ ንዓኻ ጥራይ ዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ ኣይትሃብ።
- ብዛዕባ እቲ ኢመይል ዝመጽኣሉ ቦታ ዝኾነ ምጥርጣር እንተድኣ ኣለካ፡ ንመንነት ናይቲ ለኣኺ ርግጸኛ ኮይንካ መርምሮ። ቅጥፈታት ናይ ኢመይል ኩሉ ግዜ ካብ ናይ ብሕቲ ኣድራሻ ወይ ካብ ኣድራሻ ናይ ናጻ መርበብ መይል(Yahoo፡Hotmail ወይ Gmail) እዩ ዝለኣኽ። ካብ ናይ መንግስቲ ካናዳ ኣካውንት ኢመይል "gc.ca" ወይ "Canada.ca" ግን ኣይለኣኽን እዩ።
- ካብ ዘይትፈልጦ ኢመይል ንዝቐርበልካ ሓበሬታ ጎሲኻዮ ሕለፍ፣ ምስኡ ንእትገብሮ ናይ ሓበሬታ ልውውጥ ድማ ደምስሶ። ከምኡ ድማ ኣብ ኩሉ መሳርሒታትካ ንኣንቲ-ቫይረስካ የሐድሶ ወይ ኣፕደይት ግበሮ፡
- ከይሓተትካዮም ባዕሎም ንዝመጹኻ ኤለክትሮኒካዊ መልእኽቲታት መልሲ ኣይትሃበሎም፣ ዋላ ሳብስክራይብ ከይገበርካ ክፈተና ንዝብሉ፣ ከምኡ ድማ ንዝኾነ መላገቢታት/ኣታችመንትስ ኣይትኽፈቶ ወይ ንዝኾነ ሊንክታት ኣይትስዓቦ።

### ቅጥፈታት ቴለፎን

ገበነኛታት፡ ካብ Immigration, Refugees and Citizenship Canada (IRCC (ኢሚግረሽን፡ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ))፡ ካብ Canada Revenue Agency (CRA (ወኪል ኣታዊ ካናዳ)) ወይ ድማ ካብ ፖሊስ፡ተመሲሎም ንሰባት ብቴለፎን ክታልሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ IRCC፡ CRA ዝርከቡ ሰበ-ስልጣን ይኹኑ ፖሊስ ኣብ ባንክ ገንዘብ ንኽተቐምጥ ክነግሩኻ ኢሎም፡ ገንዘብ ንኽተሰጋግር ክሕብሩኻ ኢሎም ይኹን ነቶም ክስደዱ ዝደልዩ ሰባት ፍሉይ ሓገዝ ከምዝገብሩሎም ንኽሕብሩ ኢሎም ፈጺሞም ቴለፎን ኣይድውሉልኩምን ኢዮም። ሓደ ሓደ ግዜ፡ መስርሕ/ፕሮሰስ ናይቲ ዘቕረብካዮ ምልክታ/ኣፕሊከሽን ንምቕጻል ዝሕግዞም ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ተወሳኺ ሰነዳት ንኽተቕርበሎም ክሓቱኻ ኢሎም ብቴለፎን ክረኽቡኻ ይኽእሉ እዮም።

- ሰባት፡ ገንዘብካ ወይ መንነትካ ንምስራቕ ክብሉ ናይ ቴለፎን ቅትፈት ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።
- ከም ክረዲት ካርድታት፡ ቁጽሪታት ናይ ባንክ ሕሳብ ወይ ዝኾነ ካልእ ናይ ክፍሊት ሓበሬታ ዝበሉ ዝርዝራት ንዝሓትት ናይ ቴለፎን ቅጥፈታት ኣዚኻ ተጠንቀቐሉ።
- እንተድኣ ዘጠራጥረካ ቴለፎን ተደዊሉልካ፡ ነቲ ጻውዒት

Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ብቕጽበት ዓጺኻ ኣብ ከባቢኻ ንዝርከብ ፖሊስ እቲ ዝኾንካዮ ሓብሮ። ነቲ Canadian Anti-Fraud Centre (ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ) ዝባሃል እውን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

## ክዝከሩ ዘለዎም ነገራት

መንግስቲ ካናዳ ይኹን ፖሊስ፡ ተተናኺሊ ኰነ ኣፈራራሂ ቋንቋ ፈጺሞም ኣይክጥቀሙን እዮም።

መንግስቲ ካናዳ፡ ንዝኾነ ዓይነት ክፍሊት ብቴለፎን፡ ብኢመይል ኰነ ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ፈጺሙ ኣይክሓተካን እዩ።

CRA ብመገዲ ኣቐዲሙ ዝተኸፍለ ናይ ልቓሕ/ክረዲት ካርድታት፡ ናይ ህያብ ካርድታት ወይ ብመገዲ'ቲ 'Interac e-transfer' ዝበሃል ሕሳብ ዘሰጋግር ኣገልግሎት ኣቢሉ ገንዘብ ይኹን ክፍሊታት ንምሕታት ኢመይል ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ፈጺሙ ኣይክሰደልካን እዩ።

IRCC ናይ ዉልቅኻ ሓበሬታ ንኽትህቦ ክሓተካ ኢሉ ብቴለፎን፡ ብኢመይል ይኹን ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ፈጺሙ ኣይክረኽበካን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ግን ነቲ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ናይ ምርኣይ መስርሕ ንምቕጻል ተወሳኺ ሰነዳት ንኽተቕርበሉ ክሓተካ ይኽእል እዩ።

መንግስቲ ካናዳ ቪዛታት ብኢመይል ኣይልእኽን እዩ።.

## CANADIAN ANTI-FRAUD CENTRE (ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ)

Canadian Anti-Fraud Centre (CAFC (ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ)) ኣብ ካናዳ ማእከላይ ወኪል ወይ ኤጀንሲ ኰይኑ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተጠቒምካ ንዝፍጸም ምትላል፡ ገንዘባዊ ወይ ነገራዊ መብጽዓታት ብምእታው ንዝፍጸም ምትላል፡ ብመገዲ ኢንተርነት ንዝፍጸም ምትላል፡ ከምኡ ድማ ንስርቂ መንነት ዝምልከቱ ጥርዓናት ክቐርብሉ ከለዉ ኣብ ገለገለ ጉዳያት ሓበሬታን ገበናዊ መኣርዳእታን ይእክብ። ከመይ ጌርካ ባዕልካ ከምእትከላኸል ንምፍላጥ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ antifraudcentre.ca

### ትፈልጥ ነይርካ ዶ?

መታለልቲ ኣብ ልዕሌኻ ቅትፈት ይኹን ካልእ በደላት ምስ ዝፍጽሙ፡ ኩሉ ግዜ ክትሕብር ኣለካ። ኣበይ ክትሕብር ከምዘለካ ምኽሪ ንምርካብ ን Canadian Anti-Fraud Centre (ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ) (1-888-495-8501) ወይ ድማ ንCompetition Bureau (ቤት-ጽሕፈት ውድድር) (1-800-348-5358) ርኸቦም።

### ምንጭታት ሓበሬታ፡-

Canadian Anti-Fraud Centre:
antifraudcentre.ca

Competition Bureau:
competitionbureau.gc.ca

Government of Canada:
canada.ca/en/immigration-refugees-citizenship/services/protect-fraud/internet-email-telephone.html

The Little Black Book of Scams:
competitionbureau.gc.ca/eic/site/cb-bc.nsf/eng/04333.html#sec10

### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ፡-

ምትላል፡ ስርቂን ካልኦት ገበናትን ምስ ዘጋጥሙኻ ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ዲፓርትመንት ፖሊስ ሓብር።

ንዘይተደልዩን ዘጠራጥሩን ኢመይላት ናብ Spam Reporting Centre(ማእከል ጥርዓን ከይደለኻዮ ዝመጻካ መልእኽቲ) በዚ ኣድራሻ'ዚ ኣቢልካ ልኣኮ spam@fightspam.gc.ca













